# ዘመን ብጥዑሙ።

ብ ኣብርሃም ለኣከማርያም።



ዘመን ብጥዑሙ ብፆት ከይተቐያየሙ
እጃሙ እንተወፊ ኩሉ ብብዓቕሙ
ፀጉሪ ከሎ ጋዕሲ ነውሪ ከሎ ባእሲ
ንሓንቲ ዕላማ ህዝባዊ ቃልሲ
ንጡፍ ተሳትፎ ማዕረ ተገዳሲ።
ዓለም ዘገረመ ስጡም ሓድነት
ጀግንነት ዝተመልአ ፍሉይ ዉፋይነት
ስጋ ብፆት ኢልካ ሂወትካ ተወፊ
ካብ ግቡእ ንላዕሊ ዘይትደሊ ሕልፊ

ሓለፍነት እንተሎ ብፃያዊ ሸኽሚ
ፍፁም ከይተሸርፈ ንስልጣን ንጥቕሚ
ሓድነት ምስ ፍቕሪ ሓሊፉ ዘመኑ
ከም ሎሚ እንተይኮነ ኩሉ ንንበይኑ
ፀላኢ ፈቲኑ ጭራሸ ዘይካኣሎ
ሓፂን ኮይኑዎ ስጡም ከም ኣለሎ
ወገን ዘመከሐ ፈታዊ ዘኹረዐ
እንታይ ወሪድዎ ንኽልተ ተገምዐ
ወይ ብፃይነት ሕሉፍ ፍቕሪ
መሲልካና ነይርካ ዘለኣለም ነባሪ
ከይተረዳኣና ናይ ወድሰባት ባህሪ።